# ካብ ቅያታት ኤርትራና ክንደይ ኢና ንፈልጥ?


ዝተፈቶኹም ደቂ ኤረ፡ ሓያሎ ፈላጣት'ኳ እንተለዉና፥ ብዙሓት ካብ መንጎና ግን ብዛዕባ'ዛ ሰራሒት ቅያ ኤርትራና ኲሉ እንፈልጥ ዝመስለና እንተሃለና ከገርመና የብሉን። ከመይሲ፡ ዳርጋ ብሸለልትነት እንሓልፎ ኣዝዩ ብዙሕ ቅያታት ምህላዉ ስለእንዘንግዕ። ከም ኣብነት፡ __ማዶት ኒውስ__ (Madote news) እትባህለት መርበብ ዜናን ሓበሬታን፡ ነቲ ካብ ትካል ሓገዛት ወጻኢ ሃገራት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ : US Foreign Assistance ንዝረኸበቶ ጭብጥታት ጠቒሳ ዘቕረበቶ ጸብጻብ እሞ ነስተውዕለሉ። ነቲ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ዝቐረበ ጸብጻብ ናብ ትግርኛ ተርጒመ ዘቕረብኩዎ ባዕለይ'ኳ እንተኾንኩ፥ ጠቕላላ ትሕዝቶኡ ግን፡ ናይታ መርበብ ዜናን ሓበሬታን ምኻኑ፥ ኣቐዲመ እገልጽ። ቀንዲ ትሕዝቶኡ ከኣ፡ ብሓጺሩ ብኸምዚ ዚስዕብ ይግለጽ።

__” ብመሰረት ጸብጻብ ቤት ጽሕፈት ሓገዛት ወጻኢ ምምሕዳር ጒዳያት ወጻኢ ሕ.መ.ኣ U.S. Department of State, Office of Foreign Assistance፡ እታ ንናይ 2011 ባጀታ ካብዚ ትካል'ዚ ሓገዝ ኪወሃባ ዘይሓተተት እንኮ ሃገር፡ ኤርትራ ጥራይ ኢያ ኪብል ገሊጹ።__

ኤርትራ፡ ብመሰረት ጽኑዕ ፖሊሲ ርእሰ ምርኮሳኣ፡ ካብ 2005 ንደሓር ካብ ሕ.መ.ኣ.፥ ካብ 2006 ጀሚራ ድማ፡ ካብ ኲለን ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት(NGO) ዝርከብ ሓገዛት ኪወሃባ ኣይሐተተትን። እዚ ድማ መንግስቲ ኤርትራ፡ እቲ ካብዘን ዝተጠቕሳ ትካላት ዝኣቱ ሓገዝ፡ ንኣፍሪቃውያን ሃገራት ንምዕባሌአን ሓሊኹ፡ ፈጺመን ኪላቓቓሉ ናብ ዘይክእላ ታኼላ ከምዝሸመን ኣዳዕዲዓ ስለእትፈልጥ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብዙሓት ክኢላታት ስነቑጠባ ንመርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ከም ዘለዎ ርዒሞሞ'ለዉ። __ፋምቢሳ ሞዮ__ ዝተባህለ ካብ ሃርቫርድ ኬነዲ ዩኒቨርስቲ ብስነምሕደራ ማስተርስ ዲግሪ፥ ካብ ኦክስፎርድ ዩኒቨርስቲ ብስነቑጠባ ዶክትሬት ዲግሪ ዝረኸበ ምሁር፡ __'ከይረሃጽካ ብቐሊሉ ዚርከብ ሓገዝ ብልሽውና እናኾሰኮሰ፡ ቍጠባ ሃገር ዘሰናኽልን፡ ባህሊ ተጸባይነት እናኣማዕበለ ትህኪት ዘሰርጽን ሰራም ተርእዮ'ዩ!'__ ይብል። (ABC)

| Rank | Nations | US Assist. |
|---|---|---|
| 1 | Egypt | 1,558,000,000 |
| 2 | Kenya | 713,951,000 |
| 3 | Nigeria | 647,748,000 |
| 4 | South Africa | 586,350,000 |
| 5 | Ethiopia | 583,519,000 |
| 6 | Tanzania | 549,622,000 |
| 7 | Uganda | 480,302,000 |
| 8 | Sudan | 439,979,000 |
| 9 | Mozambique | 415,071,000 |
| 10 | Zambia | 408,760,000 |

***እዚ እንርእዮ ሰሌዳ፡ ነተን ካብ ሕ.መ.ኣ. ቀንዲ ተቐበልቲ ሓገዝ ዝኾና ሃገራት ዘርኢ'ዩ። እቲ ኣሃዛት ግን፡ ነቲ ካብ ሕ.መ.ኣ. ዝረክብኦ ጥራይ እምበር፥ ካብ ሃገራት ኤውሮጳን ካብ ሃገራት ምብራቕን ዝረኸብኦን፥ ኣብ ዓመታዊ ፊስካላዊ ባጀተን ዝዓበየ ክፋል ንዝኾነን ሓገዛት ዘጠቓልል ከምዘይኮነ ክነስተውዕል የድልየና። እነሆ እምበኣር ነተን ዓሰርተ ቀንዲ ተመወልትን ተጠቀምትን ናይቲ ሓገዛት ዝኾና ሃገራት እናተዓዘብና ብኣንክሮ ንተዓዘብ።"***




***<u>መብርሂ፤</u> እዘን ኣብዚ ካርታ ሓሙኹሽታይ ሕብሪ ተለኺየን ዘለዋ ሃገራት ካብ ሕ.መ.ኣ. U.S.A. ሓገዝ ዘይቅበላ ሃገራት ምዃነን ክይዘንጋዕና፥ ገባሪት ቅያ ዝኾነት ሃገርና ኤርትራ፡ ካብ ሾለን'ተን ብሓገዝ ኣመሪካ ደሚቐን ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ ንበይና ጥራይ ካባ ርእሰ ምርኮሳ ለቢሳ ተሰሪዓ ከምዘላ ንርአ'ሞ፡ ብልቢ ድማ ንተሓበን።***

***"ሓቀኛ መትከል ዝሓዘት ኤርትራና ወትሩ ተዓዋቲት'ያ!"***

***ወትሩ ዓወትንሓፋሽ!*** ***መትከል ኣስመሮም ሽወደን።***